# ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

ብኣባ ቪቶሪዮ ቦርያ ዝቀረበ

## ፫ይ ትምህርቲ



ተዛረብ ኦጐይታ፣ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ!!! (ሳሙ 3፡10)

ንሕግኻ ኣዝየ ኢየ ዘፍቅሮ፣ ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባኡ ኣስተንትን ኣሎኹ። (መዝ. 119፣ 97)

### ምንባብ ቅዱስ መጽሓፍ

ቅዱስ መጽሓፍ ብ500 ምእቲ ዓመት ዝተጻሕፈ ድርሰት ኣብ ርእሲ ምዃኑ ትሕዝቶ እዞም ድርሰታት ሕግን፣ ልምድን ባህልን፣ ምስላታትን ፍልስፍናን፣ ታሪኽን ግጥምን፣ እምነትን፣ ዝለዓለ መንፈሳዊ ግልጸት ኣምላኽን፣ ትንቢትን ስለዜጠቓልል፣ ክተንብቦ እንከሎኻ ብገርሂ፣ ግንጽል ኣቢልካ እተንብቦ መጽሓፍ ኣይኮነን።

ጥንታውያን ዘመናውያንን መጽሓፍቲ በደራርሳ ዝተፈላለዩ ስለዝኾኑ፣ ቅ. መጽሓፍ ክተንብብ እንከሎኻ ኣብ ቅድሚ ክልተ ሺሕ ዓመት ዝገበረ ድርሰት ከምዘሎኻ ክርድኣካ ኣለዎ፣ ታሪኽን፣ ምስላን፣ ፍልስፍናን ከይፈላለኻ እንተንበብካዮ ነቲ ጽሑፍ ዘይትርጉሙ ክትህቦ ትኽእል። ሓደ ቃል ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ዚወሃቦ ትርጉም ምስቲ ኣብ መጽሓፍ ጥበብ ወይ መጽሓፍ ትንቢት ዚወሃቦ ትርጉም ኪፈላለ ይኽእል። ሓድሓደ ጊዜ እቲ ድርሰት ብምልኡ ናይ ፍልስፍና ድርሰት ኪኸውን ይኽእል (ንኣብነት መጽሓፈ መክብብ) ወይ ከኣ ፍልስፍናን ምስላን ሓዋዊሱ ኪቕርብ ይኽእል።



ነፍስወከፍ ድርሰት ነናቱ ታሪኽ ኣለዎ። መብዛሕቶም ካብ መጀመርታ ብከምዚ ሎሚ ነንብቦም ዘሎና ኣይተጻሕፉን። ቀዳማይ ደራሲ እቲ ቀንዲ ነጥብታት ኪጽሕፍ እንከሎ፣ ካልኦት ነቲ ቅርጺ እናሓለዉ፣ ኪውሰኽሉ ወይ ኪንክዩሉ፣ ወይ ምስ ካልኦት ጽሑፋት ኬወሓሕድዎ ዝገበሩሉ ኣወስተዋጽኦ ኪህሉ ይኽእል (ንእብነት ዛንታ ፍጥረት ወድሰብ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 3 ጊዜ ይቀርብ ዝፍጥ. 1፣ 26 - 31፤ 2፣ 4-25፤ 5፡1-2)።

ድሕሪ ነዊሕ ዘበናት ካልእ ሰብ  እዚ ሎሚ ናባና ዝበጽሐ ቅርጽን መልክዕን ኣትሒዙዎ። ቅዱስ መጽሓፍ ኬንብብ ዚደሊ፡ ታሪኽ ናይቲ ዜንብቦ ዘሎ መጽሓፍ ኪፈልጥ የድልዮ (ንኣብነት፡ ኣዳም ቅድም ንበይኑ ዲዩ ተፈጢሩ (ዘፍጥ 2) ወይስ ብሓደ ምስ ሔዋን (ምዕ 1፡ 26-31፣  5፡1-2)?)።

ዕላማ ናይቲ ዜንብብ ሰብ የግድስ ኢዩ። ንትምህርቲ ዲዩ፡ ንሥነ ድርሰታዊ ደስታ ዲዩ፡ ንመንፈሳዊ ዕቤት ዲዩ፡ ወይ ንካልእ ዕላማ?

ሀ. ንትምህርቲ ኢልካ ክተንብብ እንከሎኻ

ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ ክተዕምቍ ከምዝደለኻ ምርኣይ የድሊ (ቋንቋ፡ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ድርሰት፡ እምነትን መንፈሳውነትን፡ ናይ ኣምልኾ ሕጊ ወይ ናይ ኣመሓዳድራ ወይስ ገበናዊ ሕጊ ወዘተ.)። ቀንዲ ዕላማ ቅዱስ መጽሓፍ መንፈሳዊ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝተጻሕፈ ኪኸውን እንከሎ፡ ቋንቋን ታሪኽን፡ ባህልን፡ ወዘተ. ደራሲ ከም መማርሒ ዲዩ ወይስ ከም ዕላማ ኢዩ ዚጥቀመሎም ዘሎ ዚብል ሕቶ ምቕራብ ግቡእ ሕቶ ኢዩ።

ኣብ ርእሲኡ ገሊኦም ደረስቲ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝሓዙ ሰባት ኪኾኑ እንከለዉ፡ ካልኦት ትሕት ዝበለ ትምህርቲ ዝነበሮም (ንኣብነት ንጉሥ ዳዊት ጓሳ፡ ቅ. ጴጥሮስ ከኣ ገፋፍ ዓሣ ስለዝነበሩ ትሑት ትምህርቲ ነይሩዎም፡ ነቢይ ኢሳይያስ ወይ ኤርሚያስን ሕዝቅኤልን ሉቃስን ጳውሎስን ግን ዝለዓለ ትምህርቲ ነይሩዎም)። ስለዚ ሓፈሻዊ ናይ ድርሰት ክእለቶምን፡ ናይ ታሪኽ ድሕነት ወይ ብዛዕባ ናይ ጐረባብቶም ኣሕዛብ መንፈሳውነት ርድኢቶምን፡ ዝተፈላለየ ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ ኣቀራርባኦም የንጸባርቕ። ንኣብነት ናይ ማቴዎስን ማርቆስን ወንጌል ሰዋስው ግሪኽ ብዙሕ ከይሓለወ ኪጸሓፈ እንከሎ፡ ወንጌል ሉቃስን ግብረ ሓዋርያትን ብዝሓሸ ሰዋስው ተጻሒፎም።



ከምኡ ዕላማን ታሪኻዊ ጊዜ ደረስቲ ኣገዳሲ ኢዩ። መጽሓፍቲ እዝራን ነህሚያስን እንካብ ስደት ንዚምለሱ ስለዝተጻሕፉ፡ እምነትን ሃገራዊ መንነትን ተመለስቲ ኣብ ዜስግእ ኩነታት ከይበጽሕን፡ እስራኤላውያን ምስ ካልኦት ዓሌታት ከይተሓናፈጹን፡ እዝራን ነምያስን ንጐረባብቲ ኣሕዛብ ከምጸላእቶም ገይሮም የቕርብዎም እሞ፡ ምስኣቶም ከይምርዓውን፡ ድሮ ዝተመርዓዉ ከኣ ኪፈላለዩ ይእዝዙዎም። ነቢያት ግና ድሕነት ኣምላኽ ንኵሎም ዓሌታትን ኣሕዛብን ከምዝኾነ ስለዝኣምኑ፡ ፍሉይነት እስራኤላውያን - ንበይኖም ሕዝቢ እግዚኣብሔር ምዃኖም - ዝኣኽለሉ ጊዜ ከምዚመጽእ ይገልጹ፣  ኣብ ሓዲስ ኪዳን ድማ እዚ ጊዜ ከምዝኣኸለ ብዕሊ ይእወጅ።

### ለ. - ናይ ሥነ ድርሰት ፍሉይ ተደገዓስነት ዘለዎ ሰብ

ናይ ቋንቋን ሰዋስውን ሥነ ድርሰት ጠባያትን ዚኣክል ዓቕሚ - ብፍላይ ናይ ጥንታውያን ቋንቋታት ማእከላይ ምሥራቕ ከም ዕብራይስጢ፣ ኣረማይስጢ፣ ግሪኽ፣ ግብጻዊ ቐብጦስ፣ ናይ ሱመራውያን ኣካድያውያን ኣሦራውያን ባቢሎናውያን ወዘተ. ቋንቋታት ጽሑፋትን - ዚኣክል ኣፍልጠ ኪህልዎ የድሊ። ከምኡ'ውን ናይዞም ዓሌታት ታሪኽን ባህልን ኣፋፍኖት ኬጥሪ የድልዮ።

### ሐ. - ናይ ቅ. መጽሓፍ ድርሰታት ምስ ካልእ ድርሰት ኬነጻጽር

ዚደሊ ሰብ ኬስተውዕሎ ዜድሊ ነጥብታት ኣለዉ። ዕላማን ጠባይን ናይቶም ተነጻጽሮም መጽሓፍትን ደረስትን ኪሰማማዑ ኣለዎም (ትንቢት፣ ታሪኽ፣ ጥበብ ወይ ፍልስፍና)፣

**ሐ1. ናይ ጊዜን ቦታን ፍልልይ እናዘከርካ፣** 300 ቅ.ል.ክ. ወይስ 100 ድ.ል.ክ. ዝተጻሕፈን፣ ኣብ ማእከላይ ምሥራቕ ወይ ኣብ ግሪኽ ወይ ሮማ ዝተጻሕፉን መጽሓፍቲ ፍልልይ ኪህልዎም ክንጽበ ግድን ኢዩ፣ ብዓቐኑ እውን ቅድሚ ምርኮ ባቢሎን ወይ ድሕሪኡን ዝተደርሱ ጽሑፋት ፍልልይ ኪህልዎም ግድን ኢዩ።

**ሐ2. እስራኤላውያን ዝነበሮም ጸቢብ ዓለምሓቆፋዊ ርኢቶን ካልኦት ዓሌታት ዝነበሮም ግዙፍ ኣረማዊ ርድኢትን** ኣብ ግምት እናእቶኻ፣ ኪነጻጸር ይግባእ።



### መ. ንትምህርቲ ሃይማኖት ኪቀስም ዜንብብ ሰብ

ንዚጥቀመሎም፣ ኪጥንቀቐሎም ዚግብኦ ነጥብታት ኣለውዎ። ንኣብነት፣ መዝ ዳዊት 137፣ እስራኤላውያን ኣብ ባቢሎን ዜሕለፍዎ ውርደት እናዘከረ፣ *"ባቢሎን... በቲ ዝገበርክልና ሕነ ዝፈድየኪ ሰብ ዕዉት ኢዩ። ንሕጻናትኪ ኂዙ ኣብ ከውሒ ኣራጺሙ ዚቐትሎም ዕዉት ኢዩ..."* እናበለ ኪጽሊ እንከሎ፣ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኰይኑ፣ *"ኣሓቦ፣ ዚገብርዎ ዘለዉ ኣይፈልጡን ኢዮም እሞ፣ ከም ሓጢኣት ገርካ ኣይትቍጸረሎም"* ይጽሊ። ኣብ ሞንጎ

ዳዊትን ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ናይ ኣስታት 400 ዓመት ፍልሊ ኣብ ልዕሊ ምህላዉ፡ ናይ ቀዳማይን ዳሕራዋይን ኪዳን ፍልሊ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ንሕነ ምፍዳይ ዘመን *"ዓይኒ ኣብ ክንዲ ዓይኒ፡ ስኒ ኣብ ክንዲ ስኒ"* ኣኺሉስ፡ ሰብ ሓዲስ ትምህርቲ ኪቕበል ዚኣክል ብስለት ሕልና ከምዝበጽሐ ኣምላኽ ኣሚኑሉ ማለት ኢዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ኪፍታሕ ኪፍቀድ እንከሎ፡ *"ብሰንኪ ትሪ ልብኹም ኢዩ ሙሴ ኣፍቂዱልኩም እምበር፡ ካብ መጀመርታ ግን ከምኡ ኣይነበ ረን ..."* ኢሉ ጐ. ኢየሱስ ሓዲስ ግልጸት ኣምጽአ።

ንኣብርሃም እግዚኣብሔር *"ወለዶኻ ክንዲ ሑጻ ባሕርን፡ ክንዲ ከዋኽብቲ ሰማይን ከብዝሖም ኢየ"* ኢሉ ኪዳን ምስ ሥድራ ኣብርሃም ከዝኣተዎ ገይሩ የቕርቦ። ምስ ሙሴ ዝኣተዎ ኪዳን ግን፡ ኣምላኽ ሕዝቢ እስራኤል ኰይኑ ይቀርብ፡ ስለዚ እስራኤላውያን ሓደ ፍሉይ ሕዝቢ ከምዝኾኑ፡ ምስ ካልኦት ዓሌታት ኣይሕወሱን፡ ኣይዋሰቡን ነበሩ። ክርስቶስ ብምፍሳስ ደሙ ዝኣተወልና "ሓዲስን ዘለዓለማዊ ኪዳን" ግን፡ ንዕርቕን ድሕነትን ምሉእ ዓለም ኰይኑ ይቐርብ።

እዚ ማለት ጊዜ እንኪሓልፍ ግልጸት ኣምላኽ እናዓመቔ ይኸይድ ከምዝነበረ የረድኣና።

ከምኡ ብዛዕባ ትንሣኤ ምዉታን፡ ኣብ መጽሓፈ መክብብ *"ብጽሒት ደቂ ሰብን እንስሳን ሓደ ኢዩ፡ ክልቲኦም መወቲ ኢዮም፡ ፍጥረቶም ሓደ ኢዩ። ሰብ ካብ እንስሳ ዚሕሸሉ የብሉን፡ ከመይ ኵሉ ከንቱ ኢዩ። ሰብ ኮነ እንስሳ፡ መወዳእታኦም መሬት ኢዩ። ክልቲኦም ካብ መሬት ኢዮም ተፈጢሮም፡ ናብ መሬት ድማ ይምለሱ። እስትንፋስ ወዲ ሰብ ንላዕሊ፡ ከምእትድይብ፡ እስትንፋስ እንስሳ ከኣ ንታሕቲ መእትወርድኸ መን ኣረጋገጸ? ምስ ሞትና እንታይ ከምእንኸውን ኣይንፈልጥን ኢና፣ ስለዚ ክንገብሮ እንኽእል ዝበለጸ ነገር ብፍረ ጻዕርና ምሕጓስ ኢዩ። ጊዴና እዚ ኢዩ።"* (መክ.3፡ 18-22)። ኣብ መቃ 12፡44 ግን፡ *"... ንሱ ትንሣኤ ሙታን እንተዘይኣምን ነይሩ፡ ምእንቲ ምውታን ምጽላይ ከንቱን ዕሽነትን ምኾነ ነይሩ። ይሁዳ ግን ነቶም ብእምነት ዚሞቱ ዜድንቕ ዓስቢ ተነቢሩሎም ከምዘሎ ስለዝተገንዘበ፡ ነቲ ቅዱስን መንፈሳውን ተግባር ፈጸሞ። ምእንትዚ እቶም ዝሞቱ ካብ ሓጢኣቶም ሓራ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ኀድገት ሓጢኣት ዚርከበሉ መሥዋዕቲ ኣዕረገ።"* ይብል። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ድማ ምውታን ከምዝትንሥኡን ብኸያትን ሓዘንን ኣብ ዘይብሉ ሕይወት ከምዝነብሩ ይነግረሎም። በዚ ምኽንያት ግልጸት ኣምላኽ እናወሰኸን እናዓመቔን ከምዝኸደ ክንግንዘብ ኣሎና ደኣ እምበር፡ "ከምዚ ዚብል ጥቕሲ ረኺበ ... ስለዚ ቅ. መጽሓፍ ከምዚ ይብል ኢዩ" ኢልካ ምምሃር ጌጋ ኢዩ። እምበኣር፡

1. ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብመርሕነት መንፈስ ቅዱስ ስለዝተጻሕፈ፡ ሓደ ክፍሊ ምስ ካልእ ክፍሊ ኪዋቃዕ ኣይኽእልን ኢዩ።
2. ዝኾነ ጥቕሲ ቅ. መጽሓፍ ምስቲ ሓፈሻዊ ዕላማ ደራሲ ክነተሓሕዞን፡ ምስቲ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዘሎ ጥቕስታት ክነተኣሳስሮን እምበር ቅንጽል ኣቢልና ክንትርጉሞ ኣይግባእን።
3. ኣበውን ቤተክርስትያንን ብዛዕባ እቲ ዘንበብናዮ ጥቕሲ እትህቦ ትርጉም ክንሓትት ይግባእ ኣና'ምበር በቲ ንውልቅና ዝተረዳኣና ትርጉም ክንኸዶ ኣይንኽእልን (2 ጴጥ 3፡15-16)።

መ. ንመንፈሳዊ ዕቤት ዜንብቦ ሰብ ድማ፡



1. ጊዜን ቦታን ኪፈልየሉ ኣለዎ።

እቲ ጊዜ እቲ ምስ ኣምላኽ ዝኣተዎ ቈጸራ ገይሩ ኪርእዮ እሞ፡ ህዱእ ቦታን ጊዜ ኪፈልይውሉ። ኣምላኽ ምሳና ኪራኸብ ስለዚፈቱ፡ ቈጸራኡ ሓልዩ ይጽበየና። ንሱስ ኬቃልለልና ኢዩ ዚፍትን ደኣ እምበር ኬበርትዓልና ኣይፈቱን ኢዩ። ብወገና ብክፉትን ግሩህን ልብና ንቕረቦ። ስለዚስ ረዲኤት መንፈስ ቅዱስ ለሚንካ ተሰናዶ።

2. ዝተወሰነ ጥቕሲ ክልተ ጊዜ የንብቦ።

ቀዳማይ ጊዜ ሓፈሻዊ ርድኢት ኬሕድር፡ ካልኣይ ጊዜ ድማ ኣራቒቑ ኪርድኦ። ካብዚ ጥቕሲ እንታይ ነጥቢታት ከምዝሓዘን ኣብ መዓልታዊ ሕይወቱ እንታይ ይምሃር ከምዘሎን የስተንትን። ተስፋ ዲዩ ረኺቡሉ ወይስ መጠንቐቕታ፡ ኣብነት ወይስ ጸሎት ኢኻ ረኺብሉ።

3. ዝሓደሮ ነጥብታት ኣብ ሓደ ፍሉይ ጥራዝ ይጽሓፎ

(መዓልቱን ጥቕሱን እናመልከትካን)። ክትጽሕፍ እንከሎኻ ሓሳባትካ መሊስካ ክተዕምቑ ዕድል ትረከብ። ኣብ ርእሲኡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ተመሊስካ ክተንቦ እንከሎኻ ዝተጓዓዝካዮ መንገዲ ይረኣየካ እሞ፡ ትዓቢ ወይስ ትንእስ፡ ትውስኽ ወይስ ትንኪ ምህላውካ ኪርዳኣካ ይኽእል እሞ፡ ኣብ ሓደ ጥራዝ ሓሳባትካ ምጥርናፉ ጠቓሚ ኢዩ።

4. ናብቲ ዘንበብካዮ ጥቕሲ ተመለስ፡ ርድኢትካ ክተዕሙቕ እብ እግሪ እቲ ገጽ ቅ. መጽሓፍ ዝወሃበካ ዝተኣሳሰር ጥቕሲታት በብሓደ እንብቦ። ሓዲስ ርድኢት ወይስ ንሕይወትካ ዝምልከት ዕምቈት እንተረኺብካ ኣብ ጥራዝካ ኣመልክቶ። ካልእ መጻሕፍቲ ብዛዕባ እቲ

ኣርእስቲ ወይ እቲ ጥቕሲ እንተረኺብካ ኣንብቦ እሞ ርድኢትካ ኣዕምቆ። (ኢንተርነት እንተሎካ ዘንበብካዮ ጥቕሲ ኣብ ናይ ጉግል ሰርቺን ማሺን ጸሓፎ እሞ ካብቲ ዝረኸካዮ ምስ ናይ ቤተክርስትያንካ ዚሰማማዕ ወብ ፐይጅ ሓድሓደ መግለጺታት ኣንብበሉ።)



5. ምስ ኣምላኽካ ተራኸብ። ኣብቲ ዘንበብካዮ ጥቕሲ ስለዝተገለጸልካ ኣመስግኖ፡ ፈውሲ ስለዝኾነካ ባርኾ፡ መንገዲ ስለዝሓበረካ ኪሕግዘካን ኪድግፈካን ለምኖ። እቲ ዝረኸብካዮ ጸጋን በረኸትን ፈተውትኻን ካልኦት እትፈልጦም ሰባትን ኪረኽብዎን ምእንትኣቶም ክትጽሊ ምቹእ ጊዜ ሕጂ ኢዩ (ኣስማት ፈተውትኻን ኣብ ጸሎትካ ክትዝክሮም እትደሊ ሰባት ከይትርስዖም ኣብ ጥራዝካ እንተዘርዘርካዮም ክህነታዊ ናይ ኣማልድነት ጸሎትካ መመሊሱ ኪቀለልካ ኢዩ።)

6. መንፈሳዊ ሕይወትካ መመሊሱ እናዓበየ ምእንቲ ኪኸይድ፡ ካብቲ ዘንበብካዮን ዝተረዳኣካ ኣዋጺእካ በቲ መዓልቲ እቲ ብኸመይ ዚሰማማዕ ጠባይ ክትከይድ ከምእትኽእል ንርእስኻ ሕተት እሞ፡ በቲ መዓልቲ እትሕልዎ ቍርጺ ፍቓድ ግበር። ነዚ ኪሕግዘካ ድማ፡ ካብቲ ዘንበብካዮ ክፋል ሓደ ካብ ካልእ ጥቕስታት ብዝበለጸ ኣብ ልብኻ ዝሓደረ ጥቕሲ ክትዝክር ጸዓር። ክትደክም ወይ ጸገም ክትርከብ ምስደለኻ፡ እታ ጥቕሲ እንዳደገምካ ተጸናናዕ።

ነዚ 6 ስጕምቲ ንኽተማልእ ካብ 20 ክሳዕ 30 ደቃይቕ ይወስድ ይኸውን። ነዊሕ ጊዜ ኮይኑ ኪስማዓና ይኽእል፡ እንተኾነ፡

1. ምስቲ ጊዜን ሕይወትን ዚህበና ኣምላኽ ኢና ንራኸብ ዘሎና። ዕሽር ምምላስ ግቡእ ኢዩ፣
2. ንጥቕምና ድማ ኢዩ እምበር ንኣምላኽ እንውስኸሉ ክብሪ ወይ መዓርግ ኣይኮነን
3. ኣብ ዕላልን ኣብ ቲቪን መዓልቲ መጸ እነሕልፎ ጊዜ እስከ ነጻጽሮ...